## ሰልፊ ደመክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
## ኣብ ዋዕላ ኪዳን የሎኹን ምስ በለት ጉሂና፣5/4/2010

ክቡራት ኣሓትን የሕዋትን ደለይቲ ለውጢ፣
ኣብ ዋዕላ ክትከይድ ዋዕላ የድሊ። እዚ ድማ ንቡር ኣገባብ ዋዕላን ውዕልን ኢዩ። ቅድም እቶም ዓበይትን ዝምልከቶምን ለባማትን ዋዕላ ይገብሩ። ንሶም ምስ ተወዓዓሉ ድማ ናይ ዝሰፍሑ ህዝቢ ዋዕላ ይጽዋዑ። እዚ ቕኑዕ ኣገባብ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከም መስርሕ ካብ ዝኣቱ ነዊሕ ግዜ ኢዩ። እዚ ዝተኸስተ ዘይምርድዳእ፣ ምስ ተራእየ'ውን ናኣሽቱን ዓበይትን ዋዕላታት ይግበር ኣሎ ምስ በሉና፣ ባህልና ክሳብ ክንደይ ሓያልን ኣፍራይን ምኳኑ ተረዲእና ብተስፋ ተጸቢና። እንተኾነ ሰደህኤ ካብ ዝግበር ዝነበረ ዋዕላታት ኣየጽገብናን ኢሎም ንቓልዕ ኣዋጅ ምስ ኣውጽኡ ብዙሕ ጉሂና።

ብብዙሕ ምኽኒታት ነዚ ዋዕላ ሰደህኤ ከም ዘየለዉሉ ብኣዋጅ ገሊጾም። ብድልየትን ብውሳኔን ኣባላት ኪዳን ንሶም ዘንቐልዎን ዝነበርዎን ዝቆጸርዎን የሎናሉ ክብሉ ከለዉ ስለምንታይ ዘይንጉሂ። ሓደ ፖሎቲካዊ ውድብ ክህሉን ንነፍሱ ክገልልን መሰሉ ኢዩ። እንተኾነ እቲ መሰል ኣብ ሓደ ግዜ ንሓድነት ህዝብን ንሉኡላውነት ሃገርን ኣብ ዘርኢ ገደብ ክግበረሉ ከም ዝግብኦ ስለ ንኣምን፣ ንሕና'ውን ቕሬታና እነሆ ንህዝቢ ንቕርብ። ቕሬታና ክንገልጽ ኸኣ ሃገራዊ መሰልና ኢዩ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ንማሕበራዊ ፍትሕን ዕርቕን ንምክልኻል ከባብን ዝቆመ ከም ስሙ ዝምስክሮ ዕርቒ ዝደሊ፣ ንዕርቒ ዝማኅተ ምንቕስቓስ ኢዩ። ማሕበራዊ ፍትሕን ዕርቕን ኣብ ሃገርና ክነግስ ርእይቶና ንህብ፣ ሕቶ ከባቢ ካልኣይ ኣካልና ሙኳኑ ንህዝብናን ንፖልቲካዊ ሜዳን ነነቓቕሕ ጸኒሕና። ኣብ ደንበ ተቓውሞ ድማ ባህላዊ ኣፈታትሓ ግርጭት ክምዕብል፣ ንሓደ ከየርሓቕና ንሓደ ከየቕረብና ንመክርን ዓገብ ንብልን። እዚ ድማ ብትሕትና ኢዩ። እዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ዘይምርድዳእ'ውን ነዊሕ መግለጺ ከይገብርና፣ ብሕጽር ዝበለ ሸንጋሊ ዝደግሞ፣ "ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝርከብ ህዝብናን ኅረባብትናን ዓለምን እንታይ ይብለና" እንተበልና ኣብ ቦታኡ ኢዩ ዘሎ። ብጽሕቲ ጓል እንተጠነሰት ከም ባህልና ዓቢ መርዓ ክትገብረላ፣ እቲ ተረኽቦ ቆጸራ ኣይህብን ኢዩ። ሃገር ብስንኪ ፋሺሽቲ ትፈርስ ኣላ። ግዜ ድማ ትህበና የላን። ፈተውትና ድማ መጠኑ ዝውሕዱ እንበር ዝበዝሑ ኣይረኤናን። ናይ ሱዳን ዓቢ ኣብነት ኢዩ። እቲ ንሰራና ዝወለደን ዘዕበየን እስትራተጂ ዉሻጠ ህግደፍ ኮይኑ ኣሎ። እዘን ሎሚ ምስ ህዝብና ደው ዝበላ መንግስትታት'ውን ናይ ህዝብን ሃገርን ሓላፍነት ዘለወን ኢዩ። ኣብ ዲፕሎማስያ ዓለም ናይ ዘለኣለም ጸላኢ የሎን። ነዚ'ውን ዋሕስ ዝህበና ውድብ ኣሎ ድዩ? ምኽያቱ ጽባሕ ናታ ጸገም ኣለዋ ናታ ኣገባብ ኣፈታትሓ ጸገምን ድማ ሒዛ ኢያ ትውለድ። ንሱ ስለ ዝኾነ ድማ ኢዩ ኣብ 1992ዓም ቤት ጽሕፈት ስውራዊ ባይቶ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተዓጽወ። ግዜ ምሕጻር ሓደ ወገና ዝስከሞ ጉድለት ወይ ሸለልትነት ኣይኮነን። ናይ ኩሉ ደንበ ተቓውሞ ድኽመት ኢዩ። ዓሰርተ ዓመት ዋዕላ ተዘሚሩ። ንእስትራተጂካዊ ህላውየ ተቓውሞን፣ ዓቕሙን፣ ሸርሒ ጸላኢን፣ ኣብ ግምት ምስ ነእቱ፣ ኸኣ፣ ኩሉ ኪዳን ተረዳዲኡ ዋዕላ እንተዝጽዊዕ'ውን "ኣይተዓደምኩን" ዝብል ወገን ኣይምተሳእነን። ንሕና ሕጂ'ውን ናይ ዕርቒ ፍታሕ ክነምጽእ ኢዩ ሕልናና እንበር ነቲ ዘሻድን ነቲ ዘንፍጽ ኣይኮነን። መን እሞ ብዘይ ሓዉን ሓብቱን ክኸብር። እዚ ህዝቢ እዚ ድማ ብኣምላኽ፣ ብሪም፣ ብቓልሲ፣ ብሉኡላውነት፣ ብሱዉኣትና፣ ሓውን ሓብትን ዝኾነ ህዝቢ ኢዩ። ዘሰደምምን፣ ዝፈላልን፣ ናይ ዉልቐ ሰባት ጽሑፋት ነንብብ ኣሎና። ንመሰል ንቓለስ ስለ ዘሎና መሰል ጸሓፍቲ እውን ክኸብር ኣለዎ፣ እንተኾነ እዚ ዝጸሓፍ ዘሎ ከም ንዓኽታኻ ንላዕሊ ገጽካ ትሰዶ እሞ ኣብ ገጽካ ዝወድቕ ኢዩ። ጸሓፍቲ ንዕርቕን ንሓድነትን ብርዕኹም ክትጣብቑ ኣለዋ እንበር ንቅርሕንቲ ንህልኽ ምንብድባድ ንኹልና ከንድደና ስለ ዝኾነ ረብሓ የብልናን። ሓደ ካብ ሓደ ሪሒቑ፣ ሓደ ብናይ ካልእ ጉድለት ክዕቢ ወይ ክሕይል ዘበት ኢዩ። ንሕና ሓይልና ኣብ ሓድነት ኢዩ ዘሎ። ኩልና ግዳያት ናይ ምንጽጻልን ጃህራን ስርዓት ህግደፍ ኢና። ኣብ ደንበ

ተቓውሞ፣ ባይታ ዘሎ ፖሎቲካውያን ውድባትና ንጽቡቕን ንምሕማቕን ብዘተ ክፈትሓ ቅሩባት ከም ዘይኮና ብሩህ ኢዩ። ነዚ ድማ ከም ሕማም መንሽሮ ብምቁራጽ ጥራይ ክንፈትሖ ኣይግባእን። ደንበ ተቓውሞ ንሃገር ከድሕና እንኮ ዕድሉ፣ ምክብባርን ምውህሃድን መሰል ናይ ብጻዩ ምኽባር ኢዩ። ነዚኣ ክንሕልዋን ክነደልድላን፣ ክነዕውታን፣ ድማ ከም ናይ ኣቦታትና ዋዕላን ጽቡቕ ድልየትን የድልየና። ንዋዕላ ክንከይድ ዋዕላ የድልየና። ኣብ ዉሽጢ ዋዕላ ድማ ዋዕላ ክህሉ ንቡር ኢዩ። ሰብ ኢና ክንጋገ ከም ንኽእል ንእመን፣ ንጌጋና ድማ ነጻን ዓቓልን ሽማግሌ ካብ ህዝብናን ካብ ፈተውትናን ሓውሲና ንዕርቂ ንድለያ። ካብ ጽልእን ካብ ህልኽን ዓወት ዝርከብ እንተዝኸውን ብ1975ዓም ካብ ብሎኮ ኣስመራ መይተመለስናንን። ነንሕድሕድና ዘድሜና ዕሸላት ደቕና ዘጥፍእና፣ ህዝብና ዕድል ሲኢኑ ንግዜኡ ሰቕ እንተበለ ታሪኽ ኣይርስዖን ኢዩ። ግለ ጸሓፍቲ ከም ኣቶ ግርማይ ኪዳነ “ወዲ ፍሊፖ” ዝጣበቕዎ ኩሉ ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን። “መትከለይ” ንድሕሪት መሊስና እንበር ንቅድሚት ኣይወሰደናን። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቓልሲ ዋዕላ ህዝቢ ከም ዝርሳዕ ኮይኑ። “ምሳይ ወይ ኣንጻረይ” ዝብል መትከል ኣታእቲና፣ ድሕሪ ነጻነት’ውን ህግሓኤ ዕጭ ሓንፈፍኩ፣ ናይ ምንታይ ዋዕላ “በትሪ ኣብ ኢደይ ከላ ስለምንታይ ዋዕላ ገይረ ነዚ ሓይሊ ዝቆራርሞ” ዝበለት ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ኣለዎ። ዓወት ህዝብና ኽኣ ሓደ ሰብ ይጻወተሉ ኣሎ። ስልጣን ንህዝቢ ከየሳጋግር ድማ ምስ ጎረባብትና ምስ ነፍስናን ከጋጭወና ይነብር ኣሎ። ሂወት ብዘይ ሂወት ኩልና ንነብራ ኣሎና። ደቕና ድማ ኣብ ቅድሜና ጥይትን ጥሜታን ዓሳን ስደትን ይበልዖም ኣሎ። ሕጂ’ውን ህዝቢ ከም ናይ 1973ዓም ግዴና ንጻወት። ሹዑ ኣይተዓወትናን ሎሚ ግን ክንዕወት ኢና። እዚ  ዋዕላ ንህዝቢ ፖሎቲካዊ ሓይሊ ክህብ ብንቕሓት ንገስግሰሉ። ኣብ ፍትሕን ዕርቕን ጥራይ ኢዩ ዘሎ ጥቕምና። ንመርሕነት ሰደህኤ ኽኣ ብትሕትና ዳግማይ ርእይቶ ክገብሩ ንማሕጸኖም፣ ንኣባላቶም ኽኣ ኣባላት ህዝቢ ስለ ዝኾኑ ኣብ ዋዕላ ኣሳናደውትን ተኻፈልትን  ክኾኑ ንጽዉዖም። መሰልን ሓላፍነትን ሓፋሽ ውድባት ኣብ ተ.ሓ.ኤ ይኹን ህግሓኤ ኣብ ወረቐት ተጻሒፉ እንበር ህዝብና ኣየስተማቐሮን። ብስንኪ ናይ ቲፎዞ ባህሪ ሓፋሽ ውድባትና ኽኣ ኢና ኣብ እዚ ሕጂ ዘሎናሉ ዓዘቕቲ ወዲቕና ዘሎና። ኣባላት ህግደፍ ኣብ ጽርግያ ወጺኦም ንፋሺሽትነት ክድግፉ ምርኣይ እዚ ጠንቒ ኣገባብ ቃልስና ኢዩ። ሰብ ካብ ሰብነት ብህልኽን ቅርሕንትን ኣውጺእናዮ ኢና። ናጽነትና ኣብ ሕልናና ኢያ ትርከብ። ኣብ ውድብ ኣይኮነን። ውድብ መቓለሲ ባይታ ኢዩ። ንሱ በይኑ ሃገርን ህዝብን ኣይኮነን። ውድብን መንግስትን ከም ሰብ ዩሞቱ ይቅበሩ። ህዝብን ሃገርን ግን ነበርቲ ኢዮም። ህዝቢ ከፋል ግብሪ ኢዩ። ነታ ግብሪ ኣባል ንኹን ኣይንኹን ክንከፍላ ንግደድ። ሕጂ ዘሎናሉ እዋን ሃገርን ስሙር ህዝብን ኣብ ምህናጽ ኢና ዘሎና። እዚ ድማ ብትሕትናን ብምክብባርን ብእንካን ሃባን መሰል ብጻይካ ብምእማን ኢዩ ዝዕወት። “ምንጽግጋግ” “ናተይ ስምዑ” “ኣነ ክሓስበልኩም” “ብዝይካ ናተይ ናይ ካልእ ኣይሰሚዕን” እዚ ዘሎናሉ ሕማቕ ናብራ ንኣና ጥራይ ዘይኮአነ ንዝፈልጡና ዘሕዝን ኣውዲቕና ኣሎ። ካብ ግዜ ንሕና ንውንና ሎሚ ኢያ። ጽባሕ ዋንኣ ካልእ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ንሎሚ ዝግበር ጽባሕ ንገብሮ ከይበልና፣ ብሓድነት እንተሰራሕናላ ንጽባሕ ክንኣልያ ወይ ክንእለየላ ዓቕሚ ክህልወና ኢዩ። ስለ’ዚ ሎሚ ንዋዕላ ንጀምሮ፣ ጽባሕ ድማ ኣብ ዉሽጢ ሃገርና ምስ ኩሎም ደቒ ሃገር ንቕጽሎ። ስራሕ ናይ ዓወትን ስልጣኔን ጎደና ስለ ዝኾነ ድማ ንስራሕ። ኩሉ ብስራሕን ብጽቡቕ ድልየትን ብሽምግልናን ኢዩ ዝፍታሕ ስለ’ዚ ሰደህኤ ዳግማይ ርእይቶ ክትገብሩ ንላቦ።

ነተን ኣብ ግዜ ሽግሩ ንህዝብና ዝድግፋ ዘለዋ ሃገራት ንሙጉስ። ነዚ ቕዱስ ዓላም ሃገራዊ ዋዕላ ንኽዕውቱ ንዝቓለሱ ጥበብን ፍቕርን ሓይልን ክህቦም፣ ንጸሊ ብስራሕ ንሓግዞም። ብዘይ ዜና ክንስራሕ ዝካኣል ስለ ዘይኮነ ነቶም ብማዕከና ዜና ለይትን መዓልትን ህዝብና ኣብ ጉዳዩ ጓና ከይከውን ዝጎሳጉሱ ንንእድ። ክሳብ መጠረሻ ክምርሹ ንላቦ። ብስንኪ ኣተሃላልዋ ደንበ ተቓውሞ ህዝብና ዝሽቁረር ዘሎ ተሳኒና ሰሚርና ክንብሎ፣ ናይ ክልቴና ቅልጽም ክሰምር፣ እሞ ንጻልኢ ክንህትፎ፣ ንሃገራዊ ዋዕላ ክዕወቶ፣ ንለዓል። ብትሕትና ሃገራዊ ርእይቶናን ሕድርናን ነመሓላልፍ።

ዋዕላ ናይ ሱዉኣትና ሕድርን ባህሊ ህዝብናን ስለ ዝኾነ ክዕወት ኢዩ።
ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ንማሕበራዊ ፍትሕን ዕርቕን ንምክልኻል ከባብን